# ብድሆ

## ክልተ-ወርሓዊ ዕላዊ ልሳን
## ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር /ኤደግ/

“ብድሆ” ዝብል ቃል፡ ኣብ መስርሕ ታሪኽ ሰውራ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ስፍራ ዘለዎ ስያመ'ዩ። ሰንሰለታዊ ወለዶታት ኤርትራ ንሓራን ልዕላውን ፖሎቲካዊ ውሳኔኦም ንምዕቃብን ንምውሓስን፡ ንኩሉ መልክዓት ባዕዳዊ መግዛእታዊ ሓይልታት ብምንጻግ፡ ኣብ ፍትሓውን ደሞክራሲያውን መስርዕ ቃልሲ ተሰሊፎም ብመስዋእትን ስንክልናን ዝተነደቐ መግለጺ ኤርትራዊ መኸተ ትእምርትን ጽንዓትን'ዩ። ሞሳ ሰማእታትና፡ ህያው ታሪኻዊ ቅርሲ ሰውራና፣ ሚስጢር ህላወና፣ ልዕልን ቅድምን ኩሉ ዝስራዕ ረዚን ዕላማ ዝሓቖፈ፣ ትርጉም ሃገራውነትና ዝግለጸሉ ንሰፊሕን ዓሚቕን ኣምር ዝውክል ውርሻ ቃልስና ዝገልጽ ቃል'ዩ “ብድሆ” ማለት።

ሕጂ'ውን ረዚን ትርጉሙ ኣብ'ዚ ህልዊ መድረኽ'ዚ፡ ኩሉ ዓቕምታትና ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ይኽተት!! ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ፡ ክሳብ ቶታሊታሪያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ተወጊዱ መተካእትኡ ብህዝበ-ውሳኔ ዝምእዘዝ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ስርዓት ዝህነጽ በቲ ዝቐደመ ብድሆ ዝሕላገቱ ዘይጸዓድ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ጽንዓትን፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ክቕጽል ግድን ምዃኑ ይገልጽ።

1ይ ዓመት ሕታም ቁ. 01 ሕዳር 2011

# ትሕዝቶ

## ርእሰ-ዓንቀጽ

ዋሕስ መጻኢና ብቓልስና!!

## ኣተኩሮ

- ዕጫ ኢሳይያስ ድሕሪ ቓዛፊ!!

## ዓምዲ መንእሰያት

- ጻማ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ
- ይኣክል!

E-mail:- edf4eritrea@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ዋሕስ መጻኢና ብቃልስና!

ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ብወግዒ ንክጅመር ሒደት መዓልታት ጥራይ ተሪፎሞ ኣለዉ። እዚ ታሪኻዊ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብ መስርሕ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ዓብይ ትርጉም ዘለዎን ዝሰፍሐ ክፋል ሕብረተሰብና ብኣካልን ብመንፈስን ዝሳተፎ ዘሎ ፈላማይ ዝዓበየ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ መጋባእያ'ዩ። ዕላምኡ ከኣ ዓቕምታት ተቓውሞን ህዝብን ኣብ ናይ ሓባር መድረኻዊ ዕዮ ብምጽማድ፡ ኣንጻር ቶታሊታርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ተጋድሎ ንምትርናዕን፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ኣንጸላሊዎም ዘሎ ሓደጋ ብምድሓን ናብ ቅዋማዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት ንዝግበር ስግግር ርሒብ ኣፍደገ ንምኽፋት ዝዓለመ'ዩ።

እዚ ዕላማ'ዚ ክንዲ'ቲ ርዝነቱ፡ ኣብ መስርሕ ምድላዋት ዝሓለፎም ሓርጎጽጎጻት ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ሓርጎጽጎጻት'ዚ ግዳማውን ውሽጣውን መልክዓት ዝነበሩዎ'ዩ። ግዳማዊ መልክዓቱ፡ ብዋናነት ተጻብኦን ምትንኻላትን ቶታሊታርያዊ  ስርዓት ህግደፍ'ዩ። ነዚ ግዳማዊ ተጻብኦ'ዚ በዲሁ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍን ወይጦታቱን ቀሊል ዘይበሃል ዓወት ብምምዝጋብ፡ ጉዕዞ ተዓዋታይነቱ ንድሕሪት ክመልሶ ናብ ዘይክእል ብርኪ ተሰጋጊሩ'ሎ።

ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቃልስታቱ ግን ገና ተጀሚሩ'ምበር ኣይተወደአን። እዚ ቃልሲ'ዚ ንቕድሚት ኣብ መደረኻት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ'ውን ክቕጽል ከም ዝኽእል ምግማት ይከኣል'ዩ። እዚ መሰርሕ ደሞክራሲያዊ ባህሊ ብምኳኑ፡ ዘሰክፍ ተርእዮ ጌርካ ክውሰድ ኣይከኣልን'ዩ። ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ነዚ ቃልሲ'ዚ ዝጸውር፣ መበገሲኡ ብዘየገድስ ነጻ ሓሳባት ከተኣናግድ ዝኽእል፣ ምክብባርን ምድምማጽን ዝዓሰሎ ምዕቡል ደሞክራሲያዊ ባህሊ ዝገርሖ መድረኽ ክኸውን ናይ ምግባሩ ቅድመ-ምድላው ኣብ ልዕሊ ኩሉ ተሳታፊ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ ዝተጻዕነ ታሪኻዊ ጾር ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ሓላፍነታውያን ምኳን  ከድልየና'ዩ። እዚ ሰነ-ኣእሙራዊ ድልውነት'ዚ እንተተማሊኡ፡ ተዓዋታይነት ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ብዘማእከለ መንገዲ፡ ንናይ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት ድምጽን መማረጺታትን ኣተኣናጊዱ፡ ብብሉጽ ጸጋታት ሃብቲሙ ብደሞክራስያዊ መርሆ ናይ ሓባር ርድየት ኣረጋጊጹ ክወጽእ ከም ዝኽእል ቅንጣብ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ነዚ ምብቃዕ ማለት፡ ኣብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ቃልስና ነጥበ-መቀይሮ ምምዝጋብ ማለት'ዩ። እዚ ዝፈጥሮ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ምውህሃድ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ኣሰር ናይ'ቲ ህዝብታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ኣንጻር ዲክታቶርያውያን ስርዓታት ብምዕማጽ፡ ዘኹርዕ ታሪኽ ዝሰርሑ ዘለዉ ምኽታልና ዘይተርፍ ግድነታዊ ሓቂ'ዩ።

ብሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝፍጠር ታሪኻዊ ፖለቲካዊ መድረኽ፡ ብዝግባእ ክንጥቀመሉ እንተበቒዕና፡ ውሕስነት መጻኢና ከነረጋግጸሉን ኩቡያ ክንስጉመሉን ዘኽእለና ናይ ቃልሲ መድረኽ'ዩ።

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ርሱን ፖለቲካዊ ኣጀንዳታት እንድህስሰሉ፡ ካብ ሃገራዊ ራእይ ግንባርና ብምብጋስ ዓሚቕ ተንታት ብምቕራብ፡ ኣብ ህልዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንዝለዓሉ ተባራዕቲ ሕቶታት ዝህልወና ንባብ ንምቅርራብን ሓባራዊ ተረድኦ ንምጥራይን፡ ካብኡ ተበጊሱ ከኣ ዝተወሃሃደ ዓቕምታትና መድረኻዊ ሽቶና ንምዕዋት ብዘክእል ኣገባብ ንቕሓትን ፖለቲካዊ ዕጥቕን ኣባላትናን ደለይቲ ለውጢ ክፋል ሕብረተሰብና ብምርግጋጽን፡ ንቑሕ ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብና ንምውሓስ ዝዓለመ መደብ'ዩ። እዚ ዓምዲ'ዚ ንእዋናዊ መርገጻት ግንባርና ዝውክል ጹሑፋት ዝተኣናገደሉ ዓምዲ'ዩ።

## ዕጫ ኢሳይያስ ድሕሪ ቓዛፊ!!

መዓመር ቓዛፊ ኣብ ሰሜናዊ-ምዕራብ ሊብያ ትርከብ ''ሰርት'' ዝተባህለት ከተማ ብ1940 ተወሊዱ ኣብኡ ዓበየ። ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቱ ከኣ ኣብ ከተማ ሰርት ኣጠናቐቐ። በቲ ዝነበሮ ድኽነትን ማሕበራዊ ጸገማትን ካብ ሰርት 200 ኪ/ሜትር ርሕቀት ዘለዋ ከተማ ''ሚስራታ'' ምስ ተጓዕዘ፡ ተቐማጦ ናይ'ቲ ከተማ ማሕበራዊ ጸገማቱ ብምፍታሕ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ክቕጽል ሓገዝ ኣበርከትሉ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ እናተማህረ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ በቲ ኣብ መብዛሕትኡ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝካየድ ዝነበረ ሓርነታዊ ምንቅስቓሳትን መሪሕ ተራ ጀማል ዓብደልናስርን ተጸልዩ ድማ "መስፍናዊ ንግስነት ንጉስ እድሪስ ኣልስኖሲ ከብቅዕ ኣለዎ፤ ህላወ ወተሃደራዊ መደበር ኣሜሪካ ንልዑላውነት ሃገርና ዝግህስ ብምዃኑ ከወጽእ ይህልዎ" ዝብል ገስጋሲ ጭርሖታት ተጎልቢቡ፡ ኣብ ክሊ ዕድሚኡ ዝነበሩ ተመሃሮ ይጉስጉስን ይውድብን ነበረ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ በቲ ዘልዕሎ ዝነበረ ገስጋሲ ጭርሖታት ካብ መማህርቱን ብርክት ዝበሉ ንለውጢ ዝብህጉ ተቐማጦ ህዝቢ ''ሚስራታን'' ብርቱዕ ተቐባልነትን ደገፍን ይረክብ ነይሩ።

ኣብ ሚስራታ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድሕሪ ምውድኡ ካብ 1963-1965 ፍሉይ ወተሃደራዊ ኮሌጅ ኣጠናቒቁ ብደረጃ መኮንነት ተመሪቑ ወጸ። ኣብ'ቲ ኮሌጅ ንገስጋሲ ጭርሖታት ኣትሪሩ ብምሓዙ ድማ፡ ብርቱዕ ደገፍ መኮንናት ክረክብ'ውን ጽቡቕ ዕድል ኣጋጠሞ። ሽዑ ንሽዑ ከኣ ኣብ'ቲ ኮሌጅ ምትእኽኻብ ነጻ መኮንናት ዝብል ምስጢራዊ ውዳበ ክምስርት በቕዐ። ካብ ወተሃደራዊ ኮሌጅ ብደረጃ መኮንን ተመሪቑ፡ ኣብ ሃገራዊ ሰራዊት ንኣርባዕተ ዓመት ዝኸውን ድሕሪ ምግልጋሉ ኩነታት ምስ ተመቻቸኣሉ ብዘይዝኾነ ደም ምፍሳስን ሰላማዊ መንገድን ንመስፍናዊ ንግስነት እድሪስ ኣልስኖሲ ገልቢጡ ኣብ ዕስራን ትሽዓተን ዕድሚኡ ብ1969 ምሉእ ብምሉእ ፖሎቲካዊ ስልጣን ጨበጠ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከኣ ዕሸል መንእሰይ ብምንባሩ፡ በቲ ህቡብ ዝነበረ መራሒ ግብጺ ጀማል ዓብደልናስር ብርቱዕ ቆላሕታን ተፈታውነትን ብምርካቡ ብዙሕ ምትብባዕ ክረክብ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተፈጠረሉ። ብድሕሪ ሞት ጀማል ዓብደልናስር ንነብሱ ከም መተካእትኡ ብምውሳድ፡ ኣጉል ስምዒት ህቡብነት ተመንዩ ካብ ሊብያ ሰጊሩ ኣብ ምሉእ ሃገራት ዓረብ መሪሕ ተራ ክጻወት መወዳእታ ዘይብሉ ባህግታት ኣሕደረ። ኣብ ሃገሩ ፍጹም ገባትን ጸረ ደሞክራስን ስርዓት ተኺሉ ክነሱ፡ ንነብሱ ከም መሪሕ ሰውራ ሊብያ ብምስያም፡ ንተጻራሪ ፖሎቲካዊ ራእይ ዘለዎም ዜጋታቱን ህዝቡን እናቐንጸለ፡ ጎብለል ጎረባብቱን ሃገራት ዓረብን ክኸውን ብዘሕደሮ ብዙሕ ሕልምታት ከጉባዕብዕ ጀመረ። መሪሕ ሃገራት ዓረብን ህቡብን ክኸውን ዝነበሮ ብርቱዕ ሕልምታት ምስ ፈሸለ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ብዝብል ዘልዓሎ ጭርሖ ንጉስ ኣፍሪቃ ዝብል ስያመ ብምርካቡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝነበሮ ብድዐን ትምክሕትን ሓበን ወሰኸሉ። ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ትውልዲ ዓዱ ሰርት ንምቕያር'ውን ቀጽሪ ኣዳልዩ ብዙሕ ጻዕርታት ኣካየደ። እዚ ጋህዲ ክኸውን ብዘይ-ምኽኣሉ ከኣ ምስ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣብ ሓድሽ ህልኽን ግርጭታትን ምእታዉ ይፍለጥ።

ንንግስነት እድሪስ ኣልስኖሲ ንምእላይ ገስጋሲ ጭርሖታት ሒዙ ዝተበገሰ መዓመር ቓዛፊ ኣብ'ቲ 42 ዓመት ዝወሰደ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ፡ ቀስ ብቐስ ንመላእ ዓቕምታት ሃገርን ህዝብን ሊብያ ገቢቱ፡ ናብ ስድራ-ቤታውን ገባትን ስርዓት ምቕያሩ ግን ኣይተረፈን። ብርክት ዝበሉ ወሰንቲ መንግስታዊ ጽፍሕታት ብኢድ ደቁን ቀረባ ኣዛማዱን ተታሒዙ ምጽንሑ እቲ ኣብ ባይታ ዝጸንሐ ክውንነት ንባዕሉ ዓቢ ምስክር'ዩ። ካብ ህዝብን ሃብትን ሊብያ ዝዘመቶ ገንዘብ ብዝተፈላለየ ኣስማት ኣብ ዝተፈላለየ ኣህጉራዊ ባንክታት መዓመር ቓዛፍን ስድራ-ቤታዊ ስርዓቱን ካብቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሊብያ ዝፍጽሞ ኩሉ-መዳያዊ ፖሎቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፡ ጭቆናታትን ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላትን ሓሊፉ፡ ብሰንኪ ጉጉይን ኣዕናውን ወጻኢ ፖሊስታቱ ምስ ጎረባብቱን ሃገራት ዓረብን ርጉእ ዝምድናታት ዘይብሉ ስርዓት ኮይኑ ቀጸለ። ንመራሕቲ ሃገራት ዓረብን ኣፍሪቃን ምዝላፍ፡ ልሙድ መዓልታዊ ስርሑ ነበረ። ብድሕሪ ጀማል ዓብደልናስር ምስ ዝሰዓቡ መራሕቲ ግብጺ ብኣወንታ ዝግለጽ ዝምድናታት ነይሩዎ ኣይፈልጥን'ዩ። ንመራሒ ቻድ ሑሴን ሃብሪ ንምግልባጥ ንእድሪስ ዲቢ ኣብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ንምምጻእ ልሉይ ግደን ዘይተኣደነ ሓገዛትን ኣበርከተ። እድሪስ ዲቢ ምስ ድሌታቱ ዘይሳነ እናኾነ ኣብ ዝመጸሉ እዋን ከኣ ምስኡ'ውን ዶባዊ ኲናት ኣባርዕን ንተቓወምቱ ምሉእ ዘይጉዱል ሓገዛት ይገብር ምንባሩ ይፍለጥ። ምስ ሱዳን ብዝነበሮ ግርጭታት'ውን ንምንቅስቓስ ማዕርነትን ፍትሕን ዳርፎር እናሓገዘ መጺኡ'ዩ።

ምስ ምዕራባዊ ዓለም ብፍላይ'ውን ኣብ ልዕሊ ኣሜሪካ ዘሕደሮ ከቢድ ጽልኢ ብርግጽ መንግስትን ሰላማዊ ህዝብን ምፍላይ ናብ ዝስእነሉ ደረጃ'ውን ተሰጋገረ። ብከቢድ ጽልኢ ዝደፍኖ ኣእምሮኡ ሚዛን ምሕላው ስኢኑ፡ ኣብ ምውዳቕ ነፋሪት ሎከርቢ ዝተሳተፉን ንህልቂት ብኣማኢት ዝቑጸሩ ንጹሃትን ሰላማውያንን ሰባት ጠንቂ ዝኾኑ ሊብያውያን ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ከይቐርቡ ክከላኸል ንብዙሕ ዓመታት ሓንገደ። ሰራዊት ኣሜሪካ ኣብ ዝዘናግዕሉ ዝነበሩ ለይታዊ ክለብ በርሊን ብፍሊስጤማውያን ዝተገብረ ስርሒትን ንሞት ብርክት ዝበሉ ሰባት ምኽንያት ዝኾነን ኣጽዋር ምሃቡ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እዚ ገድላዊ ዕማም ፍልስጤማውያን'ዩ ብምባሉ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝነበሮ ጽልኢ ናብ ከቢድ ትዕዝብቲ ወደቀ። ብውጽኢት እዝን ወዲ ከምዝን መዓመር ቓዛፍን ስርዓቱን ብግብረ ሽበራ ተሪጁ፡ ኣሜሪካ ብ1986 ኣብ መንበሪ ገዝኡ ደብዳብ ኣካይዳ ንእሽቶይ ወዱ ድሕሪ ምሟቱ ማዕቀብ ተወሰነሉ። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ህዝቢ ሊብያ ንዓመታት ዝኣክል ካብ ጎረባብቱን ማሕበረ ሰብ ዓለምን ተነጺሉ ክነብር ተገደደ።

እቲ ንብዙሕ ዓመታት ብስድራ-ቤታውን ገባትን ስርዓት ቓዛፊ መወዳድርቲ ዘይብሉ ፖሎቲካውን ማሕበራውን ቁጠባውን ኣደራዕ ክስከም ዝተገደደ ህዝቢ ሊብያ፡ ብ17 የካቲት 2011 ብርቱዕ ሰላማዊ ህዝባዊ ቁጠዐ ዝወለዶ ሰውራ ሊብያ ከብገስ ተደረኸ። እቲ ን42 ዓመት ኩሉ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ዓቕምታት ሃገር ገቢቱ፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ባንክታት ዓለም ብስም ዝተፈላለየ ስድራ-ቤቱን ኣዝማዱን ክሳብ 131 ሚልያር ዶላር ምቕማጡ ዝንገረሉ፡ መዓመር ቓዛፊ፡ ካብ'ቶም ቅድሚኡ ብሰላማዊ ህዝባዊ ማዕበል ዝተኻሓፉ መራሕቲ ቱኒዝያን ግብጽን ቅንጣብ ክመሃር ኣይከኣለን። ነቲ ብብርቱዕ ቁጠዐ ዝተበገሰ ህዝባዊ ሕቶ ብኣጉል ትምክሕትን ቋንቋ ቅልጽምን ጥራይ ንምፍትሑ ደረቕ መርገጽ ብምሓዙ፡ ሰውራ ሊብያ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክሰጋገር ግድን ኮነ። ድሕሪ ብርቱዕ ደማዊ ኲናትን ከቢድ መስዋእትነት ከኣ እቲ ንነብሱ መራሒ ሰውራ ዓረብን ኣፍሪቃን ብምባል ዝሰየመ መዓመር ቓዛፊ ብ21 ጥቅምቲ 2011 ካብቲ ስሱዕን ገባትን ዘውዲ ስልጣኑ ምእላዩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሂወቱን ሂወት ደቁን ከውሕሰሉ ኣብ ዘይኽእል ኩነታት ወዲቑ፡ ኣብታ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ዝወደኣላን ንፖሎቲካዊ ስልጣኑ ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥረትሉን ከተማ ምስራታ ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ድሕሪ ምፍላዩ ደሙ ደም ከልቢ ኮይኑ፡ ብዘይ-ክብሪ ተቐብረ። ህዝቢ ሊብያ ከኣ ካብ'ቲ 42 ዓመት ዝወሰደ ገባትን ስድራ-ቤታውን ስርዓት ሓራ ወጺኡ ንጹህ ኣየር ነጻነትን ሓርነትን ከስተንፍስ ምብቅዑ፡ ተሳትፎ መላእ ህዝብን ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን ተረጋግጽ ሓዳስ ደሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ሊብያ ንምህናጽ ዕማሙ ኣብ ምጅማር ይርከብ።

ዕርክነት ኢሳይያስን መዓመር ቓዛፍን ካብ ኣውንታዊ ምባል ዘሊሉ ልሉይን ፍሉይን ተባሂሉ ይጭርሓሉ ምንባሩ መንቀሊኡ እንታይ ምዃኑ ክንድህስስ ግድነት እዩ። ክልቲኡ ስርዓታት ገበቲ ብምዃኖም ዘራኽቦም ባህርታት ዘለዎም ኮይኖም፡ ኣብ ልዕሊ'ዚ ተመሳሳሊ ግላዊ ባህርን ታሪኻዊ ኣመጻጽኣን ከም

ዘለዎም'ውን ምግንዛብ ይከኣል። ዝፈላለዩሉ ነጥብታት እንተሃልዩ መዓመር ቓዛፊ ብዕልዋ መንግስቲ ናብ ስልጣን መጺኡ ብነዳዲ ሃብታም ዝኾነት ሃገር ክመርሕ ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ኢሳይያስ ከኣ ብዝተናውሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን ዝደየበ፡ ንልዕሊ ሚእቲ ዓመት ብተበራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ብቁጠባውን ማሕበራውን መዳይ ዝተረመሰት ድኻ ሃገር ዝመርሕ ዘሎ ምዃኑ ጥራይ'ዩ። ብርግጽ ግን፡ እቲ ብከቢድ ኩሉ መዳያዊ  ቃልስን መስዋእትነትን ህዝቢ ናብ ፖሎቲካዊ ስልጣን መጺኡ፡ ሕድሪ ጠሊሙ ገባትን ጨቋንን ስርዓት መስሪቱ ማእለያ ዘይብሉ ሰብኣዊ ግህሰታትን ግፍዕታትን ይፍጽም ብምህላዉ ኣዝዩ ይኸፍእ።

ኢሳይያስ ነዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ጸረ ህዝቢ ገባቲ ፖሎቲካዊ ስልጣን'ዚ ንምብጻሕ ብዙሕ ሕልምታት ነበሮ። ናብ'ዚ ሸቶ'ዚ ንምብጻሕ ከኣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ጠቕላላ መሪሕነት (ቅያዳል-ዓማ) ዝነበረ ጉጉይ ኣካይዳን ስጉምትታትን ብምዝማዝ ገስጋሲ ጭርሖታት ተጎልቢቡ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምፍላዩ ይዝከር። ኮይኑ ግን ግዜ ከይወሰደ ሽዑ ንሽዑ ነቲ ዝጻረሮ ዝነበረ ተግባር ጠቕላሊት መሪሕነት ብምድጋም፡ መንካዕ፣ ሕሉፍ ጸጋማውያን፣ የሚን.........ወዘተ ኣብ ትሕቲ ዝብል ጉልባብ፡ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምስኡ ዝነበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ዘይፈልጥዎ ወይ ሓባራዊ ውሳኔ መሪሕነት ዘይተመሓላለፈሉ ቅንጸላታት የካይድ ነበረ። ኣብ ትሕቲ ኢሳይያስ ዝዝወር ዝነበረ ህዝባዊ ግንባር ኣሸንካይ'ዶ ንተራ ህዝቢ ነቶም ንመሪሕነት ዝቃወሙ ኣብ ቃልሲ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ዘይነበሮ፡ ብስም ሓለዋ ሰውራ ኣብ ስዉር ጎዳጉዲ ይዳጉኖም ምንባሩ ይፍለጥ። ብዙሓት ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝነበሩ ድማ ብፍላይ፡  ምልክነት ኢሳይያስ፡ ገሊኦም ካብ 1986 ዝጀመረ እዩ ክብሉ እንከሎዉ ገሊኦም'ውን ቀጥታ ድሕሪ ነጻነት ምርግጋጽ 1991 ምጅማሩ ይግልጹ። ይኹን ደኣንበር ሓቀኛ መንነት ኢሳይያስ ካብ 70ታት ምጅማሩ ንምልላይ፡ ትንቢት ጎልያድ ዝብል መጽሓፍ ብዕምቆት ምውካስ ጥራይ ይኣኽል።

ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት፡ ኣብ ኤርትራ ብክንድ'ቲ መሪር ቃልስን ረዚን መስዋእትነትን ህዝብና ንኩሉ መዳያዊ ባህግታት ዘውሕስ ስርዓት'ዶ ተጋሂዱ ወይስ ምልክነት ጸቢብ ጉጅለ ተረጋጊጹ? ንዝብል ሕቶ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ካብ ማንም ኤርትራዊ ዜጋ ስዉር ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ኣብ ብዙሕ ዝርዝር ከይተኣተወ ኤርትራ ኣብ'ዚ ዕስራ ዓመት ናይ ነጻነት እዋን ብቕዋም ዘይትመሓደር ሃገር ኮይና ምህላዋ ጥራይ እኹል ኣብነት'ዩ። ብውጽኢቱ ከኣ ውልቀ ምልክነት ነጊሱ፡ ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘብጽሖ ዘይተኣደነ ዘለፉታትን ግህሰታትን ከይኣክል፡ ጎብለል ኣፍሪቃ ንምዃን ብዝነበሮ ኣጉል ሕልምታት ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት በብእብረ ኲናት ክባራዕ ብምግባሩ፡ ሂወት ኣሽሓት መንእሰያት ኤርትራ ክቕጠፍን ብዙሕ ዕንወት ፈጺሙን'ዩ። ካብ'ዚ ሓሊፉ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ብዘካይዶ ግሁድ ስግረ ዶብ ምትእትታው፡ ኤርትራ ብግብረ-ሸበራ ክትፍረጆሉ ትኽእል ኩነታት ብምፍጣሩ፡ ህዝብና ካብ መላእ ማ/ሰብ ዓለም ተነጺሉ ይርከብ።

ህዝብና ኣብ'ዚ ምዕቡል እዋን'ዚ፡ ኣብ ዘመነ ሰላም፣ ደሞክራሲ፣ ፍልጠትን ተክኖሎጂን'ዚ መዋእሉ ብዘይ-ቅዋም ወይ ግዝኣተ-ሕጊ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ጭቆናን ግፍዕታትን ኢሳይያስ ተቐሪኑ ክነብር ኢልካ ምሕሳብ ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ብተበራረይቲ ባዕዳዊ መግዛእትን ግፍዕታቱን ከይተጻዓደ፡ ብደምን ኣዕጽምትን ደቁ፡ ሃገራዊ ነጻነት ጋህዲ ዝገበረ ህዝቢ፡ ንዕኡ ቃልሲ ፍጹም ሓድሽ ተሞክሮ ስለዘይኮነ፡ ሕጂ'ውን ብስሙር ቅልጽሙን ጀጋኑ መንእስያቱን  ንመግዛእቲ ቁንጣሮ ጉጅለ ደቂ ሃገርን ባርነትን ብምስዓር ደሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ኤርትራ ንምህናጽ ደቂሱ ከም ዘይሓድር፡ ኣብኡ እንከሎ ዝተፈትሐ ሕልሚ ምዃኑ ዘጠራጥር የብሉን። ብርግጽ ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ንዕጫ ኢሳይያስ ምስ ዕድል መዓመር ቓዛፊ ተመሳሳሊ ክገብርዎ ምዃኖም ዘይተርፍ ታሪኻዊ ግድነት'ዩ።

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ወሳኒ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ንምዕዛዝ ዝሕግዙ፡ ንቅሓት ኣብ ምኩስኳስ ልሉይ ግደ ዝጻወቱ፡ ህልው ወጽዓታት ብምርኣይ ናብ መሰረታዊ ፍታሕ ዘማዕድዉ፡ መንእሰይ ኤርትራ ትማሊ፡ ሎምን ጽባሕን ኣብ መስርሕ ለውጢ ዘለዎ ባህርያዊ ቦታ ብዕግበት ብምቕባል፡ ንኣወንታታቱ ንምኩላዕ ንኽመታቱ ብሃናጺ ኣቀረርባ ንምእራም ዝጽዕቱ፡ ሃገራውያን ብርዕታት ዘሕልፍዎ መልእኽቲ ዝቀርቡሉ ዓምዲ'ዩ። እዚ ዓምዲ'ዚ ብቀንዱ ካብ መንእሰይ ንመንእሰያት ዝሓልፍ መልእኽቲ ቅድምያ ዝህብን፡ ንመንእሰያት ናይ ቃልሲ መድረኽ ኮይኑ ከገልግል ዝተሓዘአ ዓምዲ'ዩ።

# ጻማ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ

ታሪኽ ሕሉፍ ፍጻሜታት ሓደ ሕ/ሰብ ኣጽኒዑ፡ ብኡ መንጽር ድማ ንመንነቱን ድሕረ ባይትኡን ዝገልጸልና ዓውደ ፍለጠት'ዩ። ታሪኽ ንስለ ጥዑም ዛንታ ተባሂሉ ዝፍጸም ፍጻሜ ኣይኮነን። ሓደ ሕ/ሰብ ወይ ገለ ክፋሉ ንታሪኽ ዘብቅዕ ረዚን ዋጋ ክኸፍል ከሎ ክሓፍሶም ዘለዎ ልዑል ክብረታት ስለ ዘለዎ ጥራሕ'ዩ። ታሪኽ ደቂ ኣንሰትዮ ኤርትራ ኩሉ-ግዜ ክንዝክር ከለና ብጅግንነትን ቅያታትን ዝግለጽ ታሪኽ'ዩ። እዚ ታሪኽ'ዚ ድማ ምእንቲ ክብሪ ፖለቲካዊ ነጻነት፣ ማዕርነት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ቁጠባዊ ሓርነት…….ወዘተ ንምውሓስ ዝተኸፈለ ደኣምበር፡ ንሃልኪ መራኸቢ ብዙሓን ወይ'ውን ንኣገልግሎት ፖለቲካዊ ሽሕጣን ተባሂሉ ዝተፈጸመ ክኸውን ኣይኽእልን'ዩ። ብርግጽ ሕጂ'ዉን ኣይኮነን።

ደቂ-ኣንሰትዮ ኤርትራ ንመቑሕ ባህልን ልምድን ሕ/ሰብና ፈንጢስና ምእንቲ ክብርታትናን ክብርታት ህዝብናን ብምባል ዝሓለፈናዮን ንሓለፎ ዘሎናን መሪር ቃልሲ፡ ዝኸፈናዮን እንኸፍሎ ዘሎናን መስዋእቲ ኣዝዩ ገዚፍ ምዃኑ ኩላትና ንረዳድኣሉ ሓቂ'ዩ። ቃልስና እንኮላይ ነቲ ብልዕልና ደቂ-ተባዕትዮ ኣሕዋትና ዝተባሕተ ባህላዊ ኣቋውማን ፖለቲካዊ ስርርዕን ምዃኑ ከኣ ዝያዳ መሪር ይገብሮ። ከምኡ እናኾነ እንከሎ ግን ሰብኣዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ባህላውን ክብርታትና ንምጉንጻፍ፡ ማዕረ ደቂ-ተባዕተዮ ኣሕዋትና ተቓሊስና፡ ተዋጊእና ኣዋጊእናን፡ መስዋእቲ ከፊልና ታሪኽና ኣብ ልቢ ነብሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ተመዝጊቡ ይርከብ። ግን ድማ እቲ ዝተጸበናዮን ዝደለናዮን ክብርን ነጻነትን  ፍጹም ኣየዕወትናዮን። ከም ኩሉ ህዝብና ጻዕርና ተጠሊሙ። እዚ ሕጂዉን ናይ ነብሲ ወከፍ ደላይ ለውጢ ኤርትራዊ ዕዮ ገዛ ኮይኑ ይርከብ።

ገለ ጸሓፍቲ ወይውን ማሕበራት ተጣበቕቲ መሰላት ደቂ-ኣንሰትዮ (እቲ መጋበርያ ህግደፍ ዝኾነ ማሕበር ደቂ ኣንሰትዮ ኤርትራ ሓዊስካ) ነዘን ብኣጻብዕ ዝቑጸራ ኣገልገልቲ ናይ'ዚ ገባቲ ስርዓት ዝኾና ደቂ ኣንሰትዮ ሰበስልጣን ስእሊ ንቕድሚት ብምምጻእ ማዕርነት ደቂ ኣንስተዮ ብግብሪ ከምዝተረጋገጸ ኣምሲሎም ዝጽሕፉን ዝዛረቡን ኣለዉ። ንኣብነት 4 ካብ'ቲ 105 ናይ'ቲ ኣብ ኣገልግሎት ዘየሎ ባይቶ ኤርትራ፡ 7 ካብቲ 75 ወናብር ማእከላይ ኮሚቴ ህግደፍ፡ ከምኡ'ዉን 4 ካብቶም ናይ ቀረባ መጋበርያ ዝኾኑ 24 ኣባላት ካቢኔ ህግደፍ ንደቂ ኣንስትዮ ዝተሓዝአ ምዃኑ ከም ኣወንታ ይገልጽዎ እዮም። ግን ንሱ ድዩ እቲ ትኽክለኛ ትጽቢት ኔሩ፤  ካብ ፍርቂ ቑጽሪ ህዝቤ ኤርትራ ዝሓዝና ኣካላት ሕ/ሰብ እዚ ተሓዚኡ ዝባሃለልና ቦታ ቅኑዕ ኮታ ዝሓዘ ድዩ፤ እተን ኣብ ስልጣን ዘሎዋኽ ብመን ዝተወከላን ንመን ዝውክላን እየን፤ እንድዒ!! ከም ኩሉ እቲ  ጻማኡ ዘይኸረበ ህዝብና ንሕናውን ጻማና ጥልመት ኮይኑ እዩ።

ከም'ቲ ኩሉትና እንፈልጦ፡ ኣብ'ቲ መግዛእቲ ንምስዓር ዝተኻየደ ርብርብ ግቡእ ተራና ተጻዊትና። ውጽኢቱ ከኣ ካብ ምሕራር መሬት ዘይሓለፈ ኣምር ዴሞክራሲ ዘይብሉ ነጻነት ኮይኑና። ከም ኩሉ ኤርትራዊ ከኣ ድግድጊትና ተዓጢቓን ሳዕሲዕናን ጸምቢልናን ኢና። ከም ኩሉ ህዝብና ነጻ ኤርትራ ምሉእ ሹሻይ ዝሓዘት ማኣዲ ኮይና ንኹላህና ማዕረ ክተዐንግለና ምሉእ ትጽቢት ኣንቢርና ኔርና። ግን ድማ እቲ ጻማ ብኣንጻሩ ኮይኑ ክገሃድ ግዜ ኣይወሰደልናን።

እቲ ግፍዒ በተን ደቀንን ሰቡእተንን ንሃገር ወፍየን፡ ንባዕለን ድማ ኣዒንተን ስጋብ ዝዓውር ንሰውራ ዘገልገላ ኣዴታት መደበር ሰሎሙና እዩ ጀሚሩ። ኣብ ጽባሕ ነጻነት ዘልዓለኦ ሕቶ ካብ መሰረታዊ ጠለባት መግቢ፡ ማይ፡ መጽለሊ ዝሓለፈ ኣይነበረን። እቲ ሓድሽ መንግስታዊ ወንበሩ ዘጣጥሕ ዝነበረ ህዝባዊ ግንባር ግን ንሕቶኦን ብማእሰርትን ብምርዓድን እዩ መሊሰዎ። ቐጺሉ በቲ ዝኾነ ይኹን ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ምድላዋት ዘይተገብረሉ ምጥያስ ሰራዊት ተፋንየን ኣብ ዝኸፍአ ማሕበረ ቑጠባዊ ጸገም ዝወደቓ ኣሓትና ተጋደልቲ'ውን ውሑዳት ኣይነበራን። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ግን ስበ ስልጣን ህግደፍ ካብ ሕሉፍ ፍጻሜታቶም ዝኾነ ይኹን ትምህርቲ ዘይሓፍሱ ምዃኖም'ዩ።

እቲ ኣብ ቐዳማይ ምዕራፍ ዝተፈጸመ በደል ድሕሪ ናጽነት እውን ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ዓይኑ ኣፍጢጡ መጺኡ። ባብ ነብሲ ወከፍ ስድራ-ቤት ኣንኳሕኲሑ። ብወለንታ ዘይኮነ'ዉን ብግዴታ። ኣንጻር ባህልናን ሃይማኖትናን እንዳተጎተትና ክንዕስከር ተገይሩ። ውልቀ ስድራ ወይ ውልቀሰብ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ሕብረተሰብ ብምሉኡ ዝትንክፍ ማሕበራዊ ቅልውላው ፈጢሩ። እቶም ብስም ሃገራውነት፡ ማዕርነት፡ ነጻነት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ተሳታፍነት፡ ጀግንነት ወዘተ ዝብሉ ጥዑማት ግን ድማ ኣብ ባይታ ኤርትራ ዘይክውንነታውያን ፕሮፖጋንዳ ዘደናግሩ ፖሊቲከኛታት እዝኒ ብዙሓት ኣደናጊሮም ይኾኑ። እቶም ክውንነት ህዝቦምን ሃገሮምን ከንብቡ ሞራላዊ ሓላፍነቶም ዝዘንግዑ፡ ዕብየትን ማዕረ ተረባሕነትን ብደርፊ ጥራሕ ዝረጋገጽ ዝመስሎም ደረፍቲ ህግደፍ ድማ ኣዚሞሙሎም እዮም። ኣብ ባይታ ዝተጋህደ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ እዩ።

ኩናትን ወረ ኩናትን ንዝኾነ ፍጡር ዓለም ተባዕታይ ይኹን ኣንስታይ ጾታኡ ብዘየገድስ ጥዑም ነገር ሒዙ ከምዘይመጽእ ኩላትና እንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ህይወት ውትህድርና ኣብ ከም በዓል ኤርትራ ዝኣመሰላ ብቑጠባ ይኹን ብምዕባለ ጭራ ዝተረፋ፡ እሞ ድማ ብፍጹም ምልካዊ ዝኾነ ኣገዛዛኣ ዝመሓደራ ሃገራት ስጋብ ክነደይ መሪር ከም ዝኾነ'ውን ኩላትና ንስሕቶ ኣይመስለንን። ኣብ ውትህድርና ናይ ምእዛዝ እመበር ኣእሚንካ ናይ ምምራሕ ሳይንስ ከምዘይፍጸም ይርዳኣኒ'ዩ። እዚ ናይ ምእዛዝ ስነ-ፍለጠት ኣብ'ዞም መለኽቲ ስርዓታት ክፍጸም እንከሎ ድማ ፍጹም ሰብኣውነትካ ዝሓክኽ ክውንነት እዩ ዝፈጥር። ምኽንያቱ ኩለንተናኻ ኣብ ዓንኬል እቲ እዚ ኣእትዩ ንዓኻ ተዛራቢ ኣቕሓ ዝቕይር እዩ። ግበር ኣይትግበር፡ ኪድ ተመለስ፡ ኣብሩኽ ሓፍ በል፡ ደቅስ ተንስእ፡ ወዘተ እዮም እቶም ትእዛዛት። ስለምታይ፤ ናበይ፤ መዓስ ዝበሃል ሕቶ ኣይሕተትን። ዝኾነ መርትዖ'ውን ኣወሃብን።

ሓደ ካብቶም ኣብ 2000 ዓም.ፈ ምሳና ዝነበሩ ኣባል ሃ/ኣገልግሎት ብዘይ ፍቓድ ሓላፊኡ ጸጉሩ ይላጺ እሞ፡ ናይ ቀረባ ሓላፊኡ ይሪኦ። "ንዓ እሰከ'ታ" ኢሉ ድሕሪ ምጽዋዕ "ስለምንታይ ርእሰኻ ላጺኻዮ" ኢሉ ሓቲቱዎ። እቲ ወዲ ድማ ዝኾነ መልሲ ስለዘይነበሮ፡ ካብኡ ሓሊፉ እዉን ክህቦ ዝኽእል መልሲ ስለዘይነበረ "ርእሰይ መሲሉኒ" ክብል መሊስሉ። ብሰንኪ ምልጻዩን ዝሃቦ መልሱን ድማ ብጉልበትን ብገንዘብን ንኽቕጻዕ ተበይንሉ። ካብዚ ክንረድኦ እንኽእል መልእኽቲ፡ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ትሕቲ'ቲ ፍጹም መላኺ ዝኾነ ቶታሊታሪያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ስጋብ ክንደይ ስብኣውነቶም ይግፈፉ ምህላዎም እዩ። ሕሰቡ እምባኣር፡ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ህሞት ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ከመይ ክኸውን ከም ዝኽእል።

ህልው ስእሊ ከም ዘረድኣና፡ ሰራዊት ኤርትራ ካብ 18-45 ክሊ-ዕድመ ብዝርከቡ ዜጋታት ዝቖመ ኮይኑ፡ እቲ ኣዝዩ ዝበዝሐ ቁጽሪ ድማ ብደቂተባዕትዮ ዝተሃነጸ እዩ። ብባህልን ስነ-ምግባርን ክረአ እንከሎ'ውን ካብ'ቲ ናይ ሕብረተሰብ ባህልን ስነ-ምግባርን ውጽእ ዝበሉ ተርእዮታት ዝራኣየሉ ባይታ እዩ። እዞም ጥረ ሓቅታት እዚኦም ምስ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ባህርያት ውትህድርና ኣብ ግምት ብምእታው ዕጫና ንምግማት ዘጸግመኩም ኣይመስለንን።

ብመጀመርያ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ግዳያት ዝተፈላለዩ ጾታዊ በደላት ምዃን ዝጅምር ኣብ ሳዋ እዩ። ብቀዳምነት ኣተን ናብዚ ግዱድ ዕስክርና ተሓፊስና እንውሰድ ደቂ ውጹዓትን ኣያ ዝሰኣናን ምኳንና ከስምረሉ ይደሊ። ብምቕጻል እቲ ሰስሊዒቶም ምውሳድ፡ ንዓይኖምን ጾታዊ ዕግበቶምን እትመልኣሎም ጓል ምምራጽ ዝጅምር ካብ'ቲ መዓስከር 'ሳዋ' እዩ። "ጸጽቡቑ ንህጻናት" ከምዝበሃል ዘዝጸበቓ ኣብ ሳዋ ኣትሪፎም ግዳያት ብዙሕ ወጽዓታት ይገብሩወን። ከብኡ ቐጺሉ ብሰንሰለት ሰጋብ ታሕቲ በብጽሒቱ የልዕል። ግዜኡ ንዘይተወሰነ እዋን ከደምትን ግዳያት ጾታዊ ዓመጻትን ንኸውን። ጠለብ ሓለፍትና ምስ ዘይንፍጽም ድማ ዕጫና ማእሰርትን ኣብ ድፋዓት ምክልባትን እዩ። ንሱ ጥራሕ እነተዝኸዉን ኣምበይ ምተጸልአን። ኣብ ዝኣተና ኣቲና ካብ ተፈጥሮ ዝዓደለና ትዕድልቲ ኣይነምልጥን ኢና። ተራ ይኹን ታሕተዋይ ሓላፊ ብዘላቶ ዓቕሚ ካብ ምሕታትን ምግዳድን ዓዲ ኣይውዕልን። በቲ ኻልእ ድማ ብዝፍጠር ጥንስን ሕርስን ግዳይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ንኸውን።

ብልሙዳት ኣበሃህላታት ሰራዊት "መድፍዕ ሓጅ ኣር.ፒ.ጂ"፡ "መድፍዕ ዓጅ ብሬን" ዝበሃሉ ነዘን ዓይነታት ብረት እዚኤን ብሓላፍነት ዝቐበሉ ሰባት ዘወሃብ ስም እዩ። ብተመሳሳሊ "መድፍዕ ዓጅ በራድ" ዝብል ስም ድማ ንዓና ነተን ብስመ ሃገራዊ ኣገልግሎት ቡንን ሻህን ሓለፍቲ ከነፍልሕ፡ መግቢ ሓለፍትና ክንክሽን፡ መደቀሲ ሓለፍትና ክነመቻቸእ ዝተመደብና ኣሕዋትኩም ዝተወሃበ'ዩ። ኣስተውዕሉ እምበኣር ስጋብ ክነደይ ኣእምሮና ዝትንክፍ ገሃስቲ ቃላት ይወሃቡና ከምዝነበሩ።

ኩናት ኢትዮ-ኤርትራ ካብ ትጽቢት ኩሉ ኤርትራዊ ወጻኢ እንዳተናወሐ ምስከደ፡ ዝሓቶ ዋጋ'ዉን ብኡ መንጽር እንዳወሰኸ እዩ ኸይዱ። እቶም ምረታትን ግፍዕታትን እዉን እንዳወሰኹ እዮም መጺኦም። ኣብ ከም'ዚ ኩነት ሰባት ሓጸርቲ ውሳኔታት ናይ ምውሳን ምርጫታት የብዝሑ ነይሮም። ምስ ከምዚ ዝበለ ክውንነት "ንዓይ ሓድጊ ንዓኺ መጣየሲ" ዝብል ኣተሓሳስባ ነጊሱ ነይሩ። እቲ ዘጥንስ ሓው ኣብ ዝቐጽሉ ኩነታት እንተተሰወአ ሓድጊ ክገድፍ፡ እታ ግዳይ ዘይደለየቶ ጥንሲ እትኸዉን ዘላ ሓፍቲ ድማ ብጀካ ጥንሲ ካልእ ንምጥያስ ቅቡል ዝኾነ ምኽንያት ስለዘይነበራ ብኸመኡ ትፋኖ (ትጣየስ) ማለት እዩ። ብዙሓት ድማ ግዳይ ናይ ዘይደለያኦን ኣቦ ዘይብሉን ውላድ ኮይነን እየን።

ነብሲ ወከፍ ኣብ ሰራዊት ኢርትራ ተዓስኪሩ ዝጸንሐን ዘሎን ሰብ ብዙሕ ዝፈልጦ ምስጢራት ኣሎ። እሰከ ንድሕሪት ምልስ ኢልኩም ዘክሩ'ሞ ክንደይ ካብ ሓለፍትኹም ተሸከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ ምኻኖም ሰሚዕኩም ወይ ፈሊጥኩም ኣሎኹም፤ እዞም ሰባት እዚኦም ምስ ክነደይ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዙርያ ሃ/ኣገልግሎት እነዳተመልመላ ዝቐርባሎም ኣሕዋትና ተራኺቦም ኣሎዉ፤ ኣዝየን ብዙሓት ንስቓይን ሕለፈተ ሂወትን ተቓሊዐን ምህላወን ንርዳእ።

እኩብ ድምር ናይ'ዚ ኩሉ እምባኣር እዩ ናብ ኣዝዩ ገዚፍ ማሕበራዊ ቅልውላው ዝመርሓና። ዘይደለናዮ ውላድ ወይ'ዉን ዘይሓሰብናዮ ሕማም ሒዝና ምስ ወጻእና፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተረመሰ ቁጠባ ስድራ-ቤታት ተጠወርቲ ስድራ-ቤታና ኾይና። ብሰንኪ ባህላውን ማሕበራውን ተነጽሎ ናይ ሓዳር ዕድልና ማህሚኑ። ብዙሓት ካባና ተመሊሰን ሰራሕተኛታት ክሽነ ወተሃደራት ኮይነን፡ እቲ መስርሕ ዜይተደልየ ውላድ ብኡ ይቕጽል። እተን ትማሊ መስተንከር ዝሰርሓ ዝተባህለልና ኣሓትኩም ሎሚ ኣብ ዘሰክፍ ዓውደ ስራሓት (ምንዝርና) ተዋፊርና ንርከብ። ሓላፍነት ዝወስደልና ኣካል ኣይተረኽበን። ማሕበራዊ ውሕስነት የልቦን። ስለዝኾነ ድማ ካብ ዓንኬል ወጽዓን ድኽነትን ክይወጻእና ንቕጽል ሂወት ብኡ ተብቅዕ።

ኣብ ሓደ እዋን ሕጂ ግዜኡ ብትኽክል ክዝክሮ ኣይክእል "ስድራቤታት ደቅና ግዳያት ዘይተደልየ ጥንሲ ይኾና ኣሎዋ" ኢሎም ምስሓተቱዎ ኣቶ ኢሰያስ ኣፈወርቂ "ኣብ ጎደናታት ኣስመራስ ይወልዳ'ዶ ኣየሎዋን" ኢሉ ክምልሰሎም ከሎ ትዝ ይብለኒ። ስለ'ዚ እቲ መራሒ መንግስቲ ዝበሃል እኳ ስጋብ ክንድዚ ሓላፍነት ዝጎድሎ እነተኾይኑ፡ ካብ ኣተግበርቲ ገባቲ ፖሊሲኡ ድኣ እሞ እነታይ ክንጽበ። እንታይ'ከ ክንፍደ።

እዚ መበልየይ ዓላማ ግን ንምስቁርቛርን ብዝሓለፈ ምረት ነብሰይን ነብሲ ኣሕዋተይን ንምህሳይ ኣይኮነን። እንታይድኣ ብዝሓለፉ በደላት ኣዚና ንቑሓትን መስተውዓልትን ንኽንከውን እዩ። ነዚ ኩሉ ስቓይን ሕልፈትን ዘቃልዓና ዘሎ ጸላኢ መን ምኻኑ ንኽነለሊ እዩ። ነብሲ ወከፍ ኣብ ህይወትና ጸሊም ነጥቢ ዘንብር ዘሎ መጋበርያ ህግደፍ ድማ ክንዲ መጠን ገበኑ ተሓታቲ ምኻኑ ከስመረሉ ግድን ይብለኒ። ስለዝኾነ ድማ ገበነኛታት ተሓታትነቶም ከነሸክሞም ነቑሕና ክንቃለስ ይግባእ። ከም'ቲ ሎሚ ኣብ ናይ ጥልመት ባይታ ኮይኖም ዝዝምርሉ ዘሎዉ ናይ ሓሶት ማዕርነትን ነጻነትን ዘይኮነ፡ ኣብ ሕድሕድ ምክብባርን ማዕረ ተሳታፍነትን ዝተሞረኮሰ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ፖለቲካዊ ወሳንነትን ሰብኣውን ቁጠባውን ክብርታት ክውን ንምግባር ሕጂ'ውን ከም ቀደምና ክንሕርን ይግባእ። ዝሓለፍናዮም ግፍዕን በደላትን ደኒና ክነብዓሎም ወይ ስለ ትዕድልትና ከነማርረሎም ዘይኮኑስ ብትብዓት ንመሰልና ደው ንምባል ዘኽእሉና ክኾኑ ይግባእ። ሎሚ ውጹዕ ህዝቢ ዓለም ረብሓኡ ንምርግጋጽ ተላዒልሉ ዘሎ መድረኽ እዩ። እቲ ብሕሱም ጭቆና ተማሪረን ዝጸንሓ ኣዕራብ ኣሓትና ስለመሰለን መስዋእቲ ክኸፍላ ብዓይንና ንዕዘበሉ ዘሎና መድረኽ እዩ። ስለዚ ስለምነታይ ኤርትራዊት ጓል ኣንሰተይትስ፤ ስለምንታይ ህዝቢ ኤርትራ ብሓባርስ፤ ሕጂ'ዉን ከም ቐደም ብቓልስና ናይ ሓባር ጸላኢና ዝኾነ ገባቲ ሰርዓት ህግደፍ ብምእላይ መሰላትናን ክብርታትናን ክውናት ንግበር። ቐጻልነት ዘውሓሰ ድሞክራስያዊ ሕ/ሰብ ንህነጽ።

ካብ ሓፍትኹም፡ ኣስማይት

# ይኣክል!!

ጀጋኑ ሰማእታትና ንጹህ ደሞም ዘፍሰሱ
ንክብረ ሃገር ኣዕጽምቶም ዝከስከሱ
ሰላም ራህዋ ፍትሒ ንክንግሱ
እንኮ ሂወቶም ከፍሎም ነጻነት ዘቋደሱ
-ግን-
ዝኣመንካዮ ኣይዋለምካ ኮይኑ ነገሩ
ጠሊሙ ስርዓት ኢሳይያስ ትማሊ ዝመጸ ተሓንጊሩ
መብጽዕኦም ረሲዑ ፍጹም ጥሒሱ
ዝዓንገሎ ኢድ ነኪሱ
ውልቀ ምልክነት ኣንጊሱ
ኣንጻር'ዚ ውጹዕ ህዝቢ ተበጊሱ
ኣብ ክንዲ ሰላም ኲናት
ኣብ ክንዲ ምዕባሌ ድኽነት
ኣብ ክንዲ ደሞክራሲ ምልክነት
ኣብ ክንፈ ፍትሒ ኣረሜንነት
ተሓንጊጡ
ይነብር ኣሎ ኣብ ኣዕጽምቲ ጀጋኑ
ኣብ እንግድዓ ህዝቢ ተኾይጡ
-ዘገርም'ዩ!-
ኣንጻር'ታ ለዋህ ኣደ
ኣንጻር'ቲ ለጋስ ኣቦ
ኣንጻር'ቲ ሓድሽ ወለዶ
ጠበንጀኡ ኣልዒሉ
ንኩሉ ፋሕ ፋሕ ኣቢሉ ኣካቢ ዘይብሉ
ስርዓት ኢሳይያስ
በዓል መንታ መልሓስ

-እወ-
ፍቕሪ ስድራ ከይጸገብና
ሰላም ቅሳነት ከየስተማቀርና
ኣደዳ ስደትን ሓሳረ መከራን ኮይና
ኣብ ዓዲ ጓና ክሳድና ኣድኒና
-እህ….-
ብስንኪ'ዚ ከዳዕ ስርዓት
ውቅናኖስ ባሕሪ ብደምና ኣጉሲዑ
ሳህራ'ውን ከይተረፈ በጺሕዎ ኣብ ዓንቀሩ
እሞ'ከ ደኣ እንታይ ንግበር?
እናተሳቀናዶ ንንበር!?
ኣይፋልናን
እቲ ግዜ ኣኪሉ'ዩ ንቅድሚት ንሰጉም ንሕበር
ይደሃየና'ሎ ደም'ቶም ዝሓለፉ ሃየ ንበራበር
ይኣኽል ሎምስ ኣርዑት ኢሳይያስ ይሰበር
ሓደራ ናይቶም ሰማእታት ንክትግበር
እቲ ጭዋ ህዝቢ ሰላም ክስተማቕር
እወ
ይኣኽል ግፍዒ ይኣኽል መከራ
ንትዕቢት ህግደፍ ብሓባር ንስበራ
ይኣኽል ዋይዋይ ይኣኽል ሰደት
ስርዓት ኢሳይያስ ገሃነም ይከተት
ይኣኽል ስቓይ ይኣኽል እህህታ
ንሰላም ንራህዋ ንስሓባ'ታ ቃታ
ይእኽል ንበገስ መንእሰይ
ሓደራ ሰማእታት ንክንቅበል
ካልእ የብላን ናትና'ያ እዛ ሃገር!

ብዮሴፍ ቴድሮስ ኣ/ሜ/ኮሌጅ